**ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማ.ል.ኢ.)**
**ናይ 2009 ዓም**
**ዓመታዊ ትልሚ**
**Irob Development association (IDA)**
**2009/2017 yearly plan**

**ብቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተዳለወ ጠቕላላ ትልሚ**

**(Final Draft)**

**መስከረም 2009 ዓ.ም**
**ዓዲግራት**

## Table of contents

1.መእተዊ:--------------------------------------------------------------------------------- 2

**1.1 ራኢይን ተልእኾን ማ.ል.ኢ.** 3

**1.1.1 ራኢ.ይ:-** 3

**1.1.2 ተልእኮ:-** 3

1.3 **ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ** 3

1.4 **ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ** 3

1.5 **ኣንፈት ኣፈፃፅማ** 4

1.6 **ሓበራዊ እምነታት ክብርታትን** (Common Respectfulness and beliefs) **ማ.ል.ኢ.** 4

1.7 **መሰረታዊ ኢ.ስታት** (Core values) **ማ.ል.ኢ.** 5

2.**ትልሚ** 2009 **ዓ.ም ዝርዝር መደባት** 5

2.1 **ኣባለትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ምዕባይ** 5

2. 2 ኣታዊ ማሕበር ምዕባይ 6

2.2.1 ኣንፈት ኣፈፃፀማ እቶት ምትእክካብ 7

2.3 **ኣብ ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን**300 **መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብ** 8

2.4 ንኩሎመ ኣባላተ ዝኸውን 1000 ኣባልነት ካርድ ምድላው 8

2. 5 ንማሕበርና ዓብይ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ናይ ምስጋና ፕሮግራም ምድላው 9

2.6 ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ሕሉፍ ኩነታትን መፃኢን ዘርኢ መፅሄት ምድላው 9

2.7 ናይ ትምህርቲ ኩነታት ሓፈሻዊ ኩነታት ዳህሰሳ ምግባር 9

2.8 ምምሕዳረዊ ኩነታት ማሕበር ዝምልከት 9

2. 9 TVET center and Publik libirary ፕሮጀክት ስራሕ ክጅምሩ ምፅዓር 9

3. ሓፈሻዊ ኩነታት 10

3.1 **ዝርዝር መደባትን ኣፈፃፅማ** 0

4.**ትፅብት ዝግበረሎም ውፅኢ.ታት**/Expected Out Come/ 0

5. **ባጀት** 0

6. **መጠቃለሊ** 0

1.መእተዊ:-

ተወለድቲ ኢሮብ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ተወዲቦም ፀገም ህዝቦም ንምፍታሕ ብዙሕ እናተንቀሳቐሱን ብኽመይ እንተተወዲብና ይሓይሽ ብምባል በብወገኖም እናተዛተዩ እናህለዉ ብ1990 ዓ.ም ሃንደበታዊ ኲናት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተኸሲቱ ህዝብና ንኸቢድ ፀገምን ሞትን ምብትታንን ተጨዊዮም ዝተወሰዱ ወገናትና ሃለዋቶም ዘይፍልጥሉ ኩነታት ተፈጢሩ ድሕር'ቲ ኲናት ህዝብና እግሪ ክተክል ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት እናተገበረ እናሃለወ ዝተኸበሩ ኣባ ተስፋይ በራኺ ካብ አሜሪካ ብ1994 ዓ.ም መወዳእታ ከባቢ ብምምፃእ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ናይ ሙሁራት ኢሮብ ውዳበ ነመስርት ብምባል ኣብ መቐለ ካቶሊክ ቤተክርስትያን ግቢ ዝሪርብ ይግበር'ሞ እቲ ሽዑ ዝነበረ ታኣካባይ ኣተሓባባሪት ኮሚቴ ንምረፅ ብምባል እዞም ዝስዕቡ ሰባት መበገሲ ሓሳብን መተሓዳደሪ ደንቢ ኣርቂቖም ክመፁ ተመሪፆም። 1.ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሳይ- መማኸሪ

ናይቲ ኮሚቴ 2. ኣይተ ካሕሳይ ደበሱ 3. ኣይተ ተስፋይ ገብራይ 4. ኣይተ ኣብርሃ ስብሓት 5. ኣይተ ሃይለማርያም ዮውሃንስ 6. ኣይተ ሓጐስ ፀጋይ ነይሮም። እዚ ኮሚቴ እዚ ኣበቲ ሽዑ ግዜ ናይ ሙሁራት ማሕበር ካብ እንብሎ'ን ጠኞላላ ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ክጥርንፍ ዝኽእል ውዳበ ንመስርት ብምባል ዝተፈላለዩ ሽማት ፕሮፖዛል ብምሓዝ ዕላማ ናይቲ ማሕበር ንመታሓዳደሪ እቲ ማሕበር ኣብ ሓፂር ግዜ ቸትርን ለይትን ብምስራሕ ብ1994 ዓ.ም ወርሒ ነሓሰ ኣጠናቒቓ ናብ ተወልድቲ ኢሮብ ነበርቲ መቐለ ተቐርብ። ካብቶም ቐሪቦም ዝነበሩ ሽማት ምስቲ ናይ ሽዑ ዝነበረ ፀገም ክገልፅ ዝኽእል ተባሂሉ ዝተመረፀ። "ማሕበር ሕውየትን ልምዓትንኢሮብ" (ማሕልኢ) (Irob Nationality Rehabilitation and Development Association (INRDA) ዝብልማሕበርብዕለት መስከረም 1995 ዓ.ምተመስሪቱ።ብምቅፃል ኣብ 1ይ ጉባኤ እቲ ማሕበር ኣብ ትርፊ ዘይተመሰረተ ናይ ልምዓት ማሕበር ኮይኑ ብቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ተመዝጊቡ እናሰርሐ ፀኒሑ ዳሓር ግና እቲ ናይ እግሪ ምትካል ስራሕቲ እናተወደአ ምስከደ እቲ ሽዑ ዝነበረ ኣመራርሓ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝኸይድ ሽም ይሃልዎ ብምባል እዚ ሐዚ ዝፅዋዐሉ ዘሎ ሽም ማለት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ) Irob Development association (IDA) ዝብል ሽም ክህልዎ ኣብ 1 ይ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብዕለት 24/6/98 ዓ.ም ፀዲቑ ይሰራሓሉ ኣሎ።there for ኣብ ሃገርና ዝተሓንፀፀ መደብ ቁጠባዊ ልምዓትንምዕዋት Irob Development association (IDA ዝርክቡ members ብመልክዕ ልምዓታዊ ሰራዊትብምንቕስቃስርኡይ ለውጢ ክመዝገቡዝእክሉ ኣብ አፈፃፅማ ዓቕሚ ምዕባይ ዝለዓለተራ እንትህልው'ዩ፡፡ ስለዝኮነ Irob Development association (IDA) ዝርክቡ ኣባላት ከምቲ ዝደለ እኺ ዝተማለኣ እንተዘይኮነ ብኣተሓሳስባኡ ዝማዕበለ ብስርሑ

ውፅኢታዊ ዝኮነ ኣብ ምንካይ ድኽነት ዝለዓለ እጃም ዘበርክት ኣባላት ንምፍጣር ስትራቴጅክ ትልሚ ወፂኢሉ ብርክት ዝበሉ ሰራሕቲ ኣብ ምትግባር ይርከብ፡፡በዚ መሰረት Irob Development association (IDA) ዝርክቡ ኣባላት/ፈፀምቲ አካላትን ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ ዓቕሚ ምዕባይ ኣዝዩ አገዲሱ'ዩ'፡፡
ስለእኹነ ወና ተግባር ማልኢ ዕላማታት መሰረት ብምግባር ብመሰረት ሕግን ደንቢን
ናይዚ ማሕበር ኣብ ናይ ኢሮብ ህዝቢ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ሓጋዛይ ተራ ምፅዋት እዩ። እዚ ናይ 2009 ዓ.ም ማ.ል.ኢ. ናይ ስራሕ ትልሚ ጨንፈራት ምስ ከባብኦም ዝጥዕም ኣሰራርሓ ትልሚ ድሕሪ ምውፃእ ናይ ኩሎም ጨንፈራት ጥማር ትልሚ ክኻኑ ምርዳእ ኣገዳሲሚ ክኻኑ ምርዳእ ኣገዳሲ ይኸውን።

## 1.1 ራኢይን ተልእኾን ማ.ል.ኢ.

**1.1.1 ራኢይ:-** ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ካብ ድኽነትን ድሕረትንድንቁርናን ዘተላቐቐ ዘላቒ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዝነገሰላ ኢሮብ ምርኣይ።

**1.1.2 ተልእኮ:-** ኣብ ዓድን ወፃኢን ዘለዉ ተወልድትን ፈተውትን ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምውዳብ ኣብ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ኣብ ባህልን ቋንቋን ትምህርቲ ጥዕናን ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን መደባት ብምስታፍ መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ክማሓየሽን ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጥንክርን ምግባር'ዩ።

## 1.3 ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

1. ህዝብ ኢሮብ ድኽነትን ድንቁርናን ንምጥፋእ ዝገብሮ ፃዕሪ ምሕጋዝ
2. ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን እንትኾኑ

## 1.4 ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ

.ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ብምስራሕ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ድኽነት ክቕነስ ምግባር።

. ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዘሎ ፀገም ኣብ ግምት ብምእታዊ ኣብ ኩለመዳይ ትምህርቲ ቱክረት ህብካ

.ቋንቋን ባህንልን ህዝቢ ኢሮብ ብምዕቃብን ብምምዕባልን ስነ-ቃልን ታሪኽ ህዝቢ ኢሮብን ብፅሑፍ ናብ ወለዶ ክማሓላለፍ ምግባር ህዝቢ ኢሮብ ተጠቃማይ ቋንቋኡ ክኸውን ምግባር ምዕቡል ባህሊ ዓለም-ለኸ ተፈላጥነት ክህልዎ ምግባር።

.ናይ ስራሕ ባህሉ ምዕቡል ዝኾነን ዓዱን ህዝቡን ዝፈቱን ናይ ሓደገኛ ስደት ዝፅየፍ መንእሰይ ክፍጠር ፃዕሪ ምግባር።

. ኣብ ዓድና ዘሎ ፀገም ንምንካይ ኣብ ዓበይቲን ለውጢ ዘምፅኡ ፕሮጀክታት ትኹረት ህብካ ምስራሕ።

. ህዝብናይ ብኹሉ መዳይ ማ.ል.ኢ. ሓደ ናይ ልምዓት ትካል ሙካኑን ብኩሉ መዳይ ማሕበርና ክድግፍን ኣብ ዙሪያ ማሕበር ክውደብ ምግባር።

. ኩሉ ስራሕቲና ኣብ ኩሉ ዝርከብ ተወላዲ ኢ.ሮብን ደገፍቱን ብዘታሰፈ ኣክይዳ ምክታል።

. ኩሉ ስራሕቲና ሕብረተሰብ መሰረት ክገብርን

. ተሳትፎ ተወለድቲ ኢ.ሮብ ኣብ ወፃኢ ብዝጠንከረን ብሓደ ውዳ ክሰርሕን ምግባር።

. ኩሉ አሰራርሓና ንኣባላትናን ደገፍትናን ግልፅ ምግባር

**1.5 ኣንፈት አፈፃፅማ**

- ዝተሓንፀፁ ፓሊስን ስትራቴጅን ብትልሚታት ኣደግፍካ ከምናይ መዐቐን ኣፈፃፅማ ገይርካ ብምውሳድ ስራሓዊት ምፍፃም ኣገዳሲ ይከውን
- ስራሕቲ ኣብ ኩለን ጨንፈር ኮሚቴታት ብዝግባእ ብ network ብምትእስሳር ስራሕተን ብውፅኢትን ንክዕቀና ምግባርን ናይ መፈለምታ ቀንዲ መዐቐንኤን ዲማ ዘፈረያኦ በዝሕ ኣባላት ንክኾውን ተወስኑ እዩ።
- ውዳበታት ምጥንካርን በብግዜ ብትልሚ መሰረት ብምግባር ዝርዝር ኣባላትን ኢታዊን ንዋና ቤት ፅሕፈትን ቦርድ ሪፖርት ምግባር
- ኩሉ ስራሕቲና መሰረት ዝገብር ናይ ማሕበር ሕገደንቢ ሙኻኑ ብምርዳእ ኩሉ ስራሕቲና በዚ መሰረት ተግባራዊ ምግባር ፤ እሉውን ኣሰራርሓታትን ማንወላትን ናይ ማሕበር ተከትልካ ምስራሕ
- ናይ ወፃኢ ጨንፈራት ብወከልቶም ኣብሎም ምስ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ በብ 3 ውርሒ ስሩዕ ናይ ቴለኮንፍርስ ናይ ሪፖርት ግዜ ይህሊ
- ኣብ ውሽጢ ዓድ ዝርከቡ ናይ ጨንፍር ኮሚቴ በብ ወርሒ ሪፖርት ናብ ቤት ፅሕፈት ኽልእኩ ኣለዎም
- ውሳነታት ዝወሃቡ ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ይኸውን

1.6 ሓበራዊ እምነታት ክብርታትን (Common Respectfulness and beliefs) ማ.ል.ኢ.

- ንድሌት ህዝብናን ንተገልጋይነትን ቀዳምነትን ንህብ
- ብውፅኢትና ንሕተትን ንዕቀንን
- ተአማንነት ዘለዎ ግልጋሎት ንህብ
- ደንባዊ/ምምሕዳራዊ ስነ ምግባር ንሕሉ
- መርኢያ መትከላት ሰነ-ምግባር ማ.ል.ት ሙኳን
- ፍሉይ ጠመተ ንጉድኣት ኣካል መንኢሰያትን ንደቂ ኣንስታዩን ምሃብ
- ዝተውሃበና ናይ ህዝቢ ሓላፍነት ቀዳምነት ንህብ

- ❖ ***ቅሬታ መቕረብቲ ሃነፅትና እዩም ኢ.ልና ንኣምን***
- ❖ ***ፅግዕተኝነትን ክራይ ኣካብነትን ኣይንጋለፅን***

## 1.7 ***መሰረታዊ ኢ.ስታት*** **(Core values)** ***ማ.ል.ኢ.***

1. ***ሓድነት***/Solidarity-Working together for common goal)
2. ***ቅድሚ.ያ ንተ.ጋለፅቲ***/Option for the vulnerable/
3. ***ብተወፋ.ይነት ንህዝቢ. ናይ ምግልጋል ሉኡክ***/Voluntary mission to serve the people commitment/
4. ***ንሓባራዊ ክብሪን ጥቅሚን ምስራሕ***/ Working for Common good/
5. ***ናይ ሃፍቲ ኣጠቃቅማ ውፂኢ.ታዊነት***/Efficient utilization of resources/
6. ***ታኣማንነትን ግልፅነትን***/Fidelity & honesty among the IDA members
7. ***ተሳትፎን ተሳታፋ.ይነትን***/Participation
8. ***ንካልኦት ባህልታትን ቛንቛታትን ዝግባእ ክብሪ ምሃብ***/Respect for other cultures , languages and societies.

## 2.ትልሚ 2009 ዓ.ም ዝርዝር መደባት

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ 2008ዓ.ም ስራሕቲ ብዋናነት ኣብ ውዳበታት ማለትውን ጨንፈራት ከምብሓድሽ ምጥያሽ ፤ ቤት ፅሕፈት ከምብሓድሽ ምምስራት ስራሕቲ ወግኑ ኣሎ፤ ከማኡውን ኣብ ዘይሕጋዊ ዝውውር ዝምልከት ንመናእሰይን ተምሃርን ግንዛበ ዘጭብጥ ስራሕቲ ኣከናዊኑ ኣሎ። ኣብ 2009ዓ.ም ዝስርሑ ስራሕቲ ምሳ ኣጠቃላሊ ኣባላት ብዕፀፊ ምብዛሕን ፤ ልዕሊ 6ሚሊዮን ዝግመት ገንዘብ ምእካብን ፤ ናይ TEVT, and Publib libireary **ስራሕቲ ንምስራሕ ተሓስቡ ኣሎ።**

## 2.1 ኣባለትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምዕባይ

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተረኩ ዓበይቲ ተሞክሮታት መሰረት ብምግባር ኣብዚ ዓመትውን ናይ ኣባላት ናይ ምብዛሕ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ኽቅጽል ኽግበር እዩ። እዚ ናይ ኣባልነት ጉዳይ ብስድራ ደረጃውን እንከይ ተረፈ ተግበራዊ ዝኸውን እዩ። ናይዚ ቱርጉም ካብ ዝርከብ ገንዘብ ንላዕሊ ናይ ናተይነትውን ኣብ ነፍስወከፍ ኢሮበታይ ዘሕድር መኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን።

| ሽም ጨንፈር | ኣብ 2008 ዝነበሩ ኣባላት | ናይ 2009 ሓደሽቲ ኣባላት | ጠቅላላ ኣብ 2009 መጠረሽታ ዝህልወና ኣባላት ብዝሒ |
|---|---|---|---|
| መቐለ ጨንፈር | 59 | 300 | 359 |
| ዓድግራት ጨንፍር | 207 | 300 | 507 |
| ኣድስ ኣበባ ጨንፈር | 0 | 250 | 250 |
| ድያሰፖራ ጨንፈር | 94 | 20 | 144 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ተምሃሮ ጨንፈር | 122 | 128 | 250 |
| ኢስራኤል ጨንፈር | 22 | 50 | 72 |
| ክፍሊ ባህሊ ጨንፍረ/ዳውሃን | 16 | 50 | 66 |
| ስዑድ ዓረብ ጨንፈር | 0 | 200 | 200 |
| ዳውሃን ጨንፍር/ኢሮብ | 0 | 500 | 500 |
| ጠቅላላ ድምር | 520 | 1828 | 2348 |

## 2. 2 ኣታዊ ማሕበር ምዕባይ

ቐንድ ኣተዊ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብመሰረት መተሓዳደሪ ድንቢ እዞም ዝስዕቡ እዮም ፤ (1) ናይ ኣባልነት ክፍሊት፤ (2) ካብ ናይ እቶት ምትእክካብ ፕሮግራም፤ (3) ፕርጀክት ምድላውን (4) ወፈያን ካለኦት መላታትን ኢዮም።

በዚ መሰረት ኣብ 2009 ዓ.ም በቢ ከባቢ ኣብ እቶት ምትእክካብ ዝስዕቡ ስራሕቲ ክስርሑ እዮም።

| ጨንፈር | ካብ አባልነት | ካብ መድረክ ምድላው | ብፕሮጀክት | ካብ ወፈያን ካሎኦት ስራሕቲ ኣታዊ | ጠቅላላ ኣዊ |
|---|---|---|---|---|---|
| መቐለ ጨንፈር | 36,000 | 250,000 | 500,000 | 20,000 | 806,000 |
| ዓድግራት ጨንፈር | 60,840 | 300,000 | 500,000 | 20,000 | 880,000 |
| ኣድስ ኣበባ ጨንፈር | 24,000 | 500,000 | 600,000 | 30,000 | 1,130,000 |
| ድያሰፖራ ጨንፈር /USA,Canada &Eourop | 450,000 | 600,000 | | 100,000 | 1,150,000 |
| ተምሃሮ ጨንፈር | 6,000 | 50,000 | 100,000 | 50,000 | 206,000 |
| ኢስራኤል ጨንፈር | 252,000 | 250,000 | 300,000 | 100,000 | 902,000 |
| ክፍሊ ባህሊ ጨንፍረ | 3,000 | 100,000 | - | 70,000 | 173,000 |
| ስዑድ ዓረብ ጨንፈር | 240,000 | - | - | 400,000 | 640,000 |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ዳውሃን ጨንፍር | 60,000 | 200,000 | - | 250,000 | 310,000 |
| **ጠቅላላ 2009 ኣታዊ** | **1,131,840** | **2,250,000** | **2,000,000** | **1,040,000** | **6,397,000.00** |

ሕድ ሕድ ናይ እቶት መተኣካከቢ መደባት ናይ ባዕሎም ሜላ ኣታኣ ኻክባ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ 2009 ዓ.ም ኽ2ተ ዓበይቲ ፕሮጀክታት ይህልውና እዚኦም ከዓ ፤

**1ይ** ናይ TVET እንትኮን እቲ **2ይ** ኣብ ዳውሃን ዝስራሕ ናይ ህዝቢ ቤተ መፃሕፍቲ እዩ፤ እዚኦም ፕሮጀክታት ክንሰርሕ እንከለና በይንና እንሰርሖ እንተይ ኾነስ ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኮይንንና እንስርሕ ይኸውን። ክሳብ ሐዚ ዘለዎም ኩነታት እንትንርኢ እንትውሕድ ቦታ ተዳልዩ ናይ ድዛይን ስራሕቲ እናተሰርሐሉ እዩ፤፤

**2.2.1 ኣንፈት ኣፈፃፅማ እቶት ምትእክካብ**

**ሀ. ካብ ኣባለት ዝርከብ ወርሓዊ መዋጮ ዝምልከት፤** ኣብ መተሓዳደሪ ደንቢ ከምዝሰፈረ ቐዳማይ እቶት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ኣባላት ናይ ኣባልነት መዋጮ ከምዝኮነ ዝፍለጥ እዩ። እዚ መሰረታዊን ናይ ማሕበር ህልውና መረጋገፅ እዩ። ብዘይ ኣባላት ማሕበር ህልዊና ክህልዮ ኣይክእልን ፤፤ ስለዝኾነውን ብመጀመርታ ኣባል ናይ ወርሓዊ መዋመጨ ከም ግደታ ከምዘሎ ምርዳእ ኣድላይ ይኸውን ፤ እዚ ድሕሪ ምእማን ወርሓዊ መዋጮ **ናይ ዓመት ወይ ናይ ሽድሽተ ወርሒ** ብምክፋል ግደታ ኽወፃእ ክኽእል ኣለዎ። ነዚ በቢ ከባቢ ዝርከቡ ጨንፈር ኮሚቴ ናይ ማሕበርና ደረሰኝ እናቆረፁ ገንዘብ ኽቅበሉን ንኣባልውን ደረሰኝ ብእዋኑ ኽወሃብ ከምዘለዎ እዩ።

ነዚ ተግባረዊ ንምግባር በቢ ከባብ ዝርከቡ ጨንፈር ኮሚቴ ኣብ ሕበረተሰብ ዓብይ ምንቅስቃስ ብምግባር ናይ ማሕበር ኣባላት ከብዙሑ ኣለዎም፤ ሕድ ሕድ ተወላዲ ኢሮብ ብተግባር ኣባል ኽከውን ኣለዎ ። ነዚውን ኣብ ናይ ጨንፈራት ትልሚ ተዳልዩ ብዘሎመሰረት ዝተፈላለዩ ማሓዋራት ኣሰራርሓታትን ግልፅ ብምግባር ኣባላት ግደታን መብትን ኣሰራርሓን ክንፀር ኣለዎ።

**ለ. ናይ እቶት መተኣካከቢ መድረካት ምድላው፤**

ነዚ ዝሕግዝ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን መድረካት ብምድላው ናይ ማሕበርና እቶት ዝዓብየሉን ኩነታት ምፍፃም፤ እዚውን ፈስትቫላት ምድላው፤ ናይ ሙዝቃን ናይ ምስገና መድረካትን ፤ ናይ መፅሄትን ካለኦትን መደባት ብምድላው ተግበራዊ ይኸውን። በዚ መሰረት ምስ ዋና ቤት ፅሕፈትን ቦርድን ብምርድዳእ ሕድ ሕድ ጨንፈር እንተነኣሰ ሓደ ግዜ ናይ ገንዘብ ናይ ምትእክካብ መደብ ከዳል ኣለዎ። በዚ መሰረት ጨንፈራት ብትልመን መሰረት ንከባብን ንባዕለንን ይሓይሽ ዘበላኦ መድረክ ከዳልያ ይክእላ።

**ሐ. ፕሮጀክት ምድላው ስራሕቲ ፤**

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብዚ ዓመት ቱክረት ህቡ ዝሰርሓን ፕሮጀክታት ኣብ መስመር ዘለዋ 2ተ ፕሮጀክታት ይኸውን እዜንውን ናይ TVET center and Publik liberary in Dawhan። እዚ ፕሮጀክታት ንምስራሕ ብጠቅላላ ካብ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ን TVET 12ሚሊዮን ን Publik

liberary ከዓ ከባቢ 6 ሚልዮን እዩ ዘድሊ። ስለዝኾነውን በቢ ከባቢ ዝርከብ ማሕበረሰብ ኢሮብ ኣብ ዝመረፁዎ ፕሮጀክት ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዚ ከዓ ብናይ ጨንፈር ኮሚቴ መተሓባበርነት ተግባረዊ ይኸውን።

**መ. ካብ ወፈያን ካልእ ስራሕቲን ዝርከብ ኣታዊ፤'**

እዚ ወፈያን ካልኦት ስራሕቲ ብዋናነት ካብ ኣባል ፤ ካብ ትካላትን ፈተውትን ኣብ ሓደ እዋን ብዛዕባ ፕሮጀት ይኹን ብዛዕባ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዕድመ ብምግባር ዝርከብ እቶት እዩ። እዚ ካብ ኣባለት ማሕበረሰብ ኢሮብ፤ ካብ ነጋዶ፤ ትካላትን ፈተውቲ ኢሮብን ዝርከብ ኣተዋ ስለዝኮነ ጨንፈር ኮሚቴ ጠንኽሮም ክሰርሑሉ ዘለዎም ስራሕ ሙኻኑ ክስምረሉ ኣለው። ንኣብነት ሓደ ግዜ ንማሕበር ልምዓት ኤሮብ እዚ ወፈያ ኽገብር ኣሎኒ ዝብል ኣኻል እዚ ኣጋጣሚ ተመቻቹሉ ኣብ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ኽብሪ መዝገብ ኽምዝገብ ኣለዎ።

በዚ መሰረት ካብ ቦርድ ኣመራርሓ ክሳብ ተራ ኣባል እዚ ናይ 2009 ዓ.ም ኣተዋ **ብር 5,653,000** ንምእካብ ከም ሓደ ኣካል ኮይኑ ክሰርሕ ኣለዎ።

**2.3 ኣብ *ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን*300 *መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብ***

ኣብ ስተራቴጅክ ትልሚና ከምዘተሓበረ ሓደ ፀገም ከባብና መንእሰይ ኢሮበ ምስ ናይ ስራሕ ስእነትን ናይ ቦታ ፅበትን ዝተዛመደ ኣብ ክልልና ቐንድ ተጠቃዓይ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። እዚ መሰረት ብምግባር ኣብ ናይ 2008 ዓ.ም ናይ ዩንቨርሲት ተምሃሮ ኣስተምህሮ ብምሃብ ኣብ ዕረፍቶም ምስ በቢ ከባቢ ግንዛበ ክህቡ ገርና እናኣ ኣብ 2009 እዚ ስራሕ ብዝተለመደ ኣገባብ ክኸውይ ኣለዎ። እዚ ስራሕ ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ተምሃሮን ቤት ፅሕፈትን ብምትሕብባር ዝፍፀም ይኸውን።ናይዚ ኣንፈት ኣፈፃፀማ ዝኸውን ፤ ጨንፈር ተምሃሮ ፕረፖዛል ብምድላውን ቤት ፅሕፈት ከዓ በጀት ብምክኣል ኣብ ተግባር ዝውዕል አዩ። ከም ልሙድ ማ.ል.ኢ ቤት ፅሕፈት ስፖንሰራት ብምድላይን ይኸውን ።ምስዚ ብተወሳኪ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ደገፍ ንምሃብ ናይ ዩኒቨርሲት ተምሃሮ ኣብ ገዜ ዕረፍቶም ናብ ዝተፈላለዩ ትምህርቲ ቤታት ብምውፋር ናይ መፃሕፍት ደገፍ ምግባርን ኣስተምህሮ ናይ ምሃብ ስራሕ ክስራሕ ኣሌዎ። ናብ ቃላሚኖ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ዝኣትው ተምሃር ደገፍ ናይ ምግባር ስራሕቲ ከም ዓብይ መደብ ቱክረት ተዋህቡዎ ክስራሕ ክግብር እዩ። ስራሕ ስእነትን ዘይሕጋዊ ስደትን ዝስራሕ ስራሕ ብወናነት ኣብ ትምህርቲ ጠንክርካ ብምስራሕን ኣብ ናይ ስራሕ ዕድል ምስራሕ ብዋናነት ክስራሕ ኣለዎ። ኣብዚ ክፍሊ ባህሊውን ኣብዚ መዳይ ቱኸረት ህቦም ናይ ኣስተምህሮን ብዝተፈላለዩ መደባትን ምስራሕ ኣድላይ ይኸውን።

## 2.4 ንኩሎመ ኣባላተ ዝኸውን 1000 ኣባልነት ካርድ ምድላው

ከም ሓደ መለለይ ዝኸውን ኩሉ ሓበረታ ዝሓዘ ሓደ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መለለይ ካርደ ተዳልዩ ንጨንፈራት ክብተን እዩ በዚ መሰረት ሕደ ሕድ ኣባል ፎቶ ብምቅራብ ብር 10 ቅርሽ እናዓደገ ኽወስድ እዩ። እዚ ካርድ በብዓመቱ ዝተከፈለ ናይ ወርሓዊ መዋጮውን ብዘርኢ ዝተዳለወ እየ። እዚ ቐፃልነት ኣባል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዚ ካርድ ንኽህልዮ ኽንገብር እና።

## 2.5 ንማሕበርና ዓብይ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ናይ ምስጋና ፕሮግራም ምድላው

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ካብ ዝምስረት አስታት 12 ዓመት ይገብር ፤ ኣብዚ ከይድ ንማሕበርና ካብ ምምስራት ጀምሩ ክሳብ ፤ ብገንዘብን ፤ብኣተሓሳስባን ናይ ማሕበር ህላወ ቐፃልነት ክህልዎ ዝገበሩ ብዙሓት ውልቐሰባት ፤ ትካላትን አለው። ስለዝኾነውን እዚ ናይ ምስጋና ፕሮግራም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ጨንፈር ኮሚቴን ቦርድ ኣባላትን ብሓባር ብምኻን ዝዳለ መደብ እዩ። እዚ መደብ ብሓደ መዳይ ናይ ምስጋነ እንትኸውነ ብካልአ መዳይ ከዓ ናይ ማሕበርና እቶት እነዕብየሉን እነፋልጠሉን ኽከውን እየ። ተወሳኽት ኣባላት እነፍርየሉ ማሕበርና ኣብ ምንታይ ዅነታት ከምዘለዎ ንደገፍትና እንሕብረሉ እዩ ዝኸውን።

## 2.6 ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ሕሉፍ ኩነታትን መፃኢን ዘርኢ መፅሄት ምድላው

እዚ መፅሔት ናይ ማሕበርና ሙሉእ ዝኾነ ሓበረታ ዝሓዘን ካብ ምንታይ ኩነታት ናበይ ንኸይድ ከምዘለና ዝሕብር ሓበረታ ዝሓዘ ክኸውን እዩ። ምስዚ ብተወሳኪ ሓፈሻዊን ህልው ኩነታት ወረዳናን ህዝብናን፤ ፀጋታትን ባህልን ህዝቢ ኢሮብ ዝሓዘትውን ኾይና ክትዳሎ ኢያ። ክሳብ ሐኢ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተሰርሑ ስራሕቲውን ክትዳህስስ እያ። ምስዚ ውን ቐፃሊ ኣንፈት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መሰረት ዝገበረት ከምትኸውን ተስፋ ዝተገብረላ እያ። በዚ መሰረት ናብ **200** ቅዳሕ ተሓትሙ ክብተን እዩ። እዚ ብዋናነት ህልውናን ሓበረታን ማሕበር ልምዓት ኤሮብ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ንደገፍትና እነርእየሉ ይኸውን።

## 2.7 ናይ ትምህርቲ ኩነታት ሓፈሻዊ ኩነታት ዳህሰሳ ምግባር

ከምዝፍለጥ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ዝሓለፉ 4 ዓመታት ኣብ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ናይ ስኮላር ሽፕ/ ደገፋት ስራሕቲ እናሰርሐ ፀንሑ እዩ ። ኣብዚ መዳይ ኣብ ዝሰርሖም ስራሕቲ እንታይ ለውጢ ኣምፅኡ ብከመይ ኽቅፅል ኣለዎ ዝብል ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብሙኻን ፅንዓት ናይ ምድላው ስራሕቲ ክስራሕ እየ። በዚ መሰረትውን ኣብዚ መዳይ ብቐፃልነት ዝክተሎ ኣንፈት ብፅንዓት ዝተደገፈ ክኸውን እየ።

## 2.8 ምምሕዳረዊ ኩነታት ማሕበር ዝምልከት ዳህሰሳ ምግባር ሓድሽ ናይ ኢንዳሞሳ ቤት ትምህርቲ ናይ መፃሕፍቲ ደገፍ ምግባር

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ገና ክሳብ ሐዚ ብሰራርሓን ሓይልሰብን ዝተጠናከረ ኣይክንን ፤ እዚ ጠንካራ ስራሕ ንምስራሕ ናይ ባዕሉ ኣሉታዊ ተፅዕኖ ከምዘለዎ ብምእማን ፤ ዋና ቤት ፅሕፈት በዕሉ ኽእሉ ዝነቐሳቕሰሉ ክነታትን ናይ ንመስርሕ ዝውዕ ስራሕቲ ክስራሕ እዩ። እዚ ማለት ናይ ገንዘብ ዓውሚ እናረአኻ ሓይልሰብ ምውሳኽን ናይ ኣሰራርሓ ማንወላት ኽህልው ምግባርን ይኸውን። ዓመታዊ ናይ ኦዲት ስራሕትን ፋናንሽያል አሰራርሓ ስራሕ ክስራሕ እዩ። ኣብ ኢነዳሞሳ ተሰርሑ ዘሎ ናይ 2ይ ብርኪ ቤተ መፃሕፍቲ ሓድሕሽ ምስ ሙካን ናይ ናውት ፀገማት ከምዘለዎ ዝፍለጥ እዩ በዚ መሰረት ነዚ ሓገዝ ዝኸውን ብጨንፈር ተምሃሮን ካለኦትን ብምትሕብባር ናይ ደገፍቲ መፃሕፍቲ ስራሕ ክስራሕዩ።

## 2. 9 TVET center and Publik libirary ፕሮጀክት ስራሕ ክጅምሩ ምፅዓር

ኣብዚ ዓመት ከም ዓበይቲ መደባት ተታሒዞም ዘለው እዞም 2ተ ፕሮጄክታት እዮም ። ኣብዚ ሓለፈ ዓመት ውሱን ስራሕቲ ምስራሕ ተጃምሮም ኣለው እንተኾነ ግን ናይ ስራሕ ምጅማርን ናይ ገንዘብ ምትእኽካብ ስራሕቲ ገና ከምዝኾነ ይፍለጥ ። ስለዝክነውን ሓደ በቢ ጨንፈረር ነዚ ፕሮጀክታት ዝከውን ገንዘብ ምትእልላሽን ኣብ መሬት ምስ መዳርግት ኣካላት ብምኻን ዝተፈላላዩ ስራሕቲ ክስርሑ እዮም፤

ን Publik libirary ፕሮጀክት ምድላውን ናይ ገንዘብ ምትእክካብ ስራሕ ብኩሎም ጨንፈራት ከም ዓብይ መደብ ክውሰድ ኣለዎ ።

2.10 ናይ ማሕበር ኣብ ፋናንስ ስራሕ ዝውዕል ሓድሽ ናይ ኣተዊን ወፃኢን ደረሰኝ ከምብሓድሽ ምድላው ስራሕቲ ኣብዚ ዓመት ዝትግብሩ ስራሕቲ እዩ። ኩለን ጨንፈራት ሓድሽ ናይ ኣተዊ ደረሰኝን ወፃኢን ደረሰኝ ብቤት ፅሕፈት ተዳልዩ ክብተነለን ክግበር አየ።

3. ሓፈሻዊ ኩነታት

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ናይ ስራሕ መደባት በቢ ጨንፈር ዝርከብ ኮሚቴ ምስ ናይ ባዕሉ ኩነታት ኣገናዚቡ ዓመታዊ ኣክሽን ፕላን ኣውፅኡሉ ክሰርሕ ኣለዎ።**

**ብቤት ፅሕፈትን ቦረድ ደረጃ ዝስርሑ ስራሕቲ ኣጠቓላሊ ናይ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ኣሰራርሓ ምክትታልን ውሳነታት ዘድልዩ ነገራት ምውሳን፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜ ምስ ናይ ጨንፈር ኮሚቴ ብምርካብ ደገፍ ምግባርን ፤ ኣድላይ ዝኾኑ መምርሕታት ምውጻእን ይከውን።**

**3.1 ዝርዝር መደባትን ኣፈፃፅማ**

| ተ.ቁ | ዝርዝር መደብ | ዝፍፀመሉ እዋን | ፈፃሚ ኣካል | በጀት/ወፃኢ | ኣታዊ ገንዘብ | መብረሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ናይ 2008 ዓ.ም ሪፖርት ግምገማ | መሰከረም 21/2009 | ቦርድ ማ.ል.ኢ. | 5000 | | |
| 2 | ናይ 2009 ዓ.ም ትልሚ ምፅዳቅ | 21/2009 | ቦርድ ማ.ል.ኢ. | 5500 | | |
| 3 | ምስ ጨንፈር ኮሚቴ ብዛዕባ ናይ 2009 ዓ.ም. ምዝታይ | 29/2009 | ቦርድ ማ.ል.ኢ. | 10000 | | |
| 4 | ኣባለትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ምዕባይ | ካብ ሓምለ 200 ክሳብ ሰነ 2009 | ኩለን ጨንፈር ኮሚቴታት | - | | |
| 5 | **ኣታዊ ማሕበር ምዕባይ** | ካብ መስከረም 2009 ክሳበ ሰነ 2009 | ኩለን ጨንፈራት | | 6,327,600 | |
| 6 | ኣብ ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን300 መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብ | ካብ ሓምለ 30 ክሳብ ሰነ 2009 | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈር ተምሃሮ | 50000 | | |
| 7 | **ንኩሎመ ኣባላተ ዝኸውን 1000 ኣባልነት ካርድ ምድላው** | ካብ ጥቅምቲ 2009 ክሳብ ለካቲት 2009 | ማ.ል.ኢ. ቤት ፅሕፈትን ጨንፈር ኮሚታታትን | 4000 | 10000 | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 8 | **ንማሕበርና ዓብይ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ናይ ምስጋና ፕሮግራም ምድላው** | ኣብ ለካቲት 2009 | ቦርድ ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈር ኮሚቴታት | 20000 | | |
| 9 | **ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ሕሉፍ ኩነታትን መፃኢን ዘርኢ መፅሄት ምድላው** | ካብ መስከረም 2009 ክሳብ ጥቅምቲ 2009 | ቦርድ ማ.ል.ኢ. | 36000 | 50000 | |
| 10 | **ናይ ትምህርቲ ኩነታት ሓፈሻዊ ኩነታት ዳህሰሳ ምግባር ናይ ማተሪያል ደገፍ ምግባርን** | ካበ ጥሪ 2009 ክሳብ መጋቢት 2009 | ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቤት ፅሕፈትን ጨንፈር ተምሃሮ | 40000 | | |
| 11 | **ምምሕዳረዊ ኩነታት ማሕበር ዝምልከት** | ካብ መስከረም 2009 ሰነ ነሓሰ 2009 | ቦርድ ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈራትን ቤት ፅሕፈትን | 119000 | | |
| 12 | **ሓድሽ ናይ ወፃኢን ኣታዊን ሰነድ ምድላው** | | ቤት ፅሕፈት ማልኢ. | | 25,000 | |
| 13 | TVET center and Publik libirary ፕሮጀክት ስራሕ ክጅምሩ ምፅዓር | ካብ ሓምለ 2008 ክሳብ ሰነ 2009 | ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ፤ ቤት ፅሕፈትን ጨንፈራትን | | **6,397,000.00** | ኣብ ቑፅሪ 5 ዘተጠቐሰ ገንዘብ ይእከብ |
| | | | | | | |

**4.ትፅብት ዝግበረሎም ውፅኢታት/Expected Out Come/**

- ናይ 2008 ዓ.ም ሪፖርት ብቦርድ ተገምግሙ ክፀድቅ ምግባር
- ናይ 2009 ዓ.ም ትልም ብቦርድን ኣባለትን ተዛትዩሉ ኣብ ስራሕ ምውዓል
- ምስ ጨንፈር ኮሚተታትን ሕብረተሰብን ዝተፈላለዩ አኼባታት ተክይዶም ናብ ስራሕ ምቅያር
- መደበኛ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናብ 3000ሽሕ ምብፃሕን ብቑፃልነት ምስ ማሕበር ክስራሕ እዩ

ኣብዚ ዓመት ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ብር **6,397,000.00**

- ኣታዊ ተኣክቡ ናብ ስራሕ ምውዓል
- ኣብ ወረዳና ንመናእሰይ ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ስደት ግንዛበ ምጭባጥ
- 1000 ኣባላት መለለይ ካርድ ምዕዳል
- ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንማሕበር ልምዓት ኢሮብ እሰተዋፅኦ ዝገበሩ ሰባት ናይ ምስጋና ሴርትፍኬት ምሃብ፤
- ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ሓበረታ ዝሓዘት መፅሄት ምድላውን ንኣበላትን ደገፍትን ምሃብ
- ኣብ ሕሉፍ ዓመት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝሰርሖም ናይ ትምህርቲ ስራሕቲ ተገምግሙ ውፅኢት እንታይ ከምዝመስል ምርኣይ
- ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፋይናንሽያልን ማናግመንትን ተጠናክረ ከወፅእ ኣለዎ
- TVET center and Publik libirary ፕሮጀክት ስራሕ ክጅምሩ ምፅዓር ፤ ኣብ ኢሮብ ናይ ዝስርሑ እዞም ክልተ ትካላት ኣብዚ በጀት ዓመት ኣብ ፅቡቅ ኩነታት ክበፅሕ ኣለዎ።

**5. ባጀት**

***ባጀት ዝምልከት ንንሕድሕዱ ስራሕ ንምስራሕ ዝርዝር ታክቲክን ዝፍፀም ስራሓዊትን መሰረት ብምግባር ኣብቲ እዋን ምስነባራዊ ዓቅሚ እቲ ማሕበር ኣብ ግምት ብምእታዊ ዝፍፀም ይኸውን። በጀትና ኣብ ዝተኣከበ ናይ ገንዘብ መጠን መሰረት ከምዝርዳእ ኩሉ ኣብ ግምት ከእት ኣለዎ።***

**6. መጠቃለሊ**

***ማ.ል.ኢ. ካብዝምስረት ካብ መስከረም 1995 ክሳብ ሕዳር 2008 ኣስታት 13 ዓመት ዝገበረት እንትኸውን ከብ ኣመስራርታኣ ጀምራ ዘሎ ፀጋታትን ዕድላትን እንትረኣ ክሳብ ሀዚ ዘሎ ንጥፈታት ዘዔግብ ኣይኾነን። እዙይ ኣብ ግምት ብምእታው ኣባላት ቦርድ ማ.ል.ኢ. 4ይ ዘመን***

ሱሩዕ 1ይ ኣኼባ ብምግባር እተን ቀነድ ፀገማት ዝፍተሐሉ ኣንፈታት ኣቅምጡ እዩ። በዚ መሰረት ብምግባር ኣብ 2008 ኣብ ኩሉ ከባቢ ቤት ፅሕፈት ብምክፋትን ኔት ዎርክ ብምዝርጋሕን ኣብ ዓድግራት ቤት ፅሕፈት ብምክፋት ፅቡው ጅማሮ ስራሕ ኣሎ። ሐዚውን ከም ዓብይ ፀገም ዝርኤ ዘሎ ናይ ጩንፈራት ስራሕ ምዝሕታል ተበግሶታት ኣባላትና ኣብ ትሑት ኩነታት ኣሎ። እዚ ናይ ኩሉ ፀገም ሙኻኑ ብምርዳእ ናይ ሓባር ፃዕሪ ይድል።

Annex-1

**ማሕበር ልምዓት ኢሮብ**

**Irob Development Association (IDA)**

**ጨንፈር ዓድግራት ኣባላት ሽም ዝርዝር፣ወፈያን ዓመታዊ ክፍሊትን ድሕሪ 4ይ ጉባኤ**

| ተ.ቁ | ሙሉእ ሽም | ስራሕ | ዕድመ | ኣድራሻ/ቀበሌ | ቴሌፎን | ወፈያ | ዓመታዊ ክፍሊት | | | ፌርማ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | | 1ይ ዓመት ክፊሊት | 2ይ ዓመት ክፊሊት | 3ይ ዓመት ክፊሊት | |
| 1 | | | | | | | | | | |
| 2 | | | | | | | | | | |
| 3 | | | | | | | | | | |
| 4 | | | | | | | | | | |
| 5 | | | | | | | | | | |
| 6 | | | | | | | | | | |
| 7 | | | | | | | | | | |
| 8 | | | | | | | | | | |
| 9 | | | | | | | | | | |
| 10 | | | | | | | | | | |
| 11 | | | | | | | | | | |
| 12 | | | | | | | | | | |
| 13 | | | | | | | | | | |
| 14 | | | | | | | | | | |
| 15 | | | | | | | | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ድምር | | | | | |

**ወፈ.ያ ማለት-ሰብ ዲላይ ብገንዘብ፣ብንብረት ይኹን ብፍልጠት ንማ.ል.ኢ. ዘተወፈየ ዝምዝገብ እዩ።**